ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ
መሪሕነት ባይቶ

المجلس الوطني الإرتري للتغيير الديمقراطي
رئاسة المجلس

Eritrean National Council for Democratic Change
Presidency of the Council

---

# *ጋዜጣዊ መግለጺ*
# *መሪሕነት ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ*

*ኢትዮጵያ ዘመሓድር ዘሎ ልፍንታዊ ሓይሊ ኢህወዴግ ኣብ ዝሓለፈ ሰሉስ 5 ሰነ 2018 ብጉዳይ ዶባዊ ግጭት ኤርትራን ኢትዮጵያን ኣመልኪቱ ብኣህጉራዊ ቤት ፍርዲ ዝተወሰደ ብይን መንግስቲ ኢትዮጵያ ከም ዝቕበሎን ከተግብሮ ቅሩብ ምዃኑን ገሊጹ።*

*ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ ንዶባት ክልቲኡ ሃገራት ዝምልከት ብይን ንምትግባር መንግስቲ ኢትዮጵያ ምቕባሉ የመጉስ። ኢትዮጵያ ነዚ ብይን'ዚ ብሰንኪ ዘይምትግባራ፣ ስርዓት ኤርትራ ብምምዝማዝ፣ ሒዝዎ ዘሎ ጨቋኒ ፖሊሲታቱ ብምቕጻል ኣብ ልዕሊ ህዝብና ሰፍ ዘይብል ውጽዓን ኣደራዕን ከውርድ ጸኒሑ ኣሎን። መንግስቲ ኢትዮጵያ ወሲድዎ ዘሎ ስጉምቲ ኣወንታዊ ምዃኑ ብምርግጋጽ፣ ነዚ ጉዳይ'ዚ ዘዕዝዝ ተወሳኺ ግብራዊ ስጉምትታት ክወስድ ምሕጸንታና ነቕርብ።*

*ህዝቢ ኤርትራ ቀንዲ ግዳይ ናይ'ቶም ዲክታቶርያዊ ስርዓት ምስ ኩለን ጎረባብቲ ሃገራት ዘባረዮም ውግኣት ምንባሮ ዘጠራጥር ኣይኮነን። ናይ'ቲ ኣብ መንጎ ሃገርናን ኢትዮጵያን ሰፊኑ ዘሎ ኩነታት "ኣይ ውግእ ኣይ ሰላም" እንተኾነ ኣብ ልዕሊ ህዝብና ዓቢ ጉድኣት ኣስዒቡ እዩ።*

*መንግስቲ ኢትዮጵያ ብጉዳይ ዶብ ዝምልከት ብኣህጉራዊ ቤት ፍርዲ ዝተወሰደ ብይን፣ ከተግብር ቁሩብ ምዃኑ ብምግላጹ፣ ሰላም ኣብ መንጎ ክልቲአን ሃገራት ንምርግጋጽ ዓቢ ኣፍደገ ዝኸፍት ጥራሕ ዘይኮነስ፣ ኣብ መላእ ዞና ቀርኒ ኣፍሪቃን ገማግም ቀይሕ ባሕርን ሰላምን ርግኣትን ዘዕዝዝ ምዕባሌ ምዃኑ'ውን ዘጠራጥር ኣይኮነን። እዚ ክረጋገጽ ግን ጉዳይ ሰላምን ርግኣትን ኣብ ዞናናን፣ ቅድም ዝኣገረ ድማ ጥቕሚ ህዝቡን ሃገሩን ዘገድሶ ኣካል ክህሉ ይግባእ። እቲ ዘሕዝን ከኣ ህልዊ ስርዓት ኤርትራ ከምዚ ዓይነት ሓልዮት ዘለዎ ስርዓት ዘይምዃኑ ኢዩ። ብኣንጻሩ'ኳ ደኣ፣ ስልጣን ካብ ዝብሕት ኣትሒዙ ጸረ ጥቕምታት ህዝቡን፣ ከምኡ'ውን ንዞናና ምርግጋእ ከሊኡን ዘሎ ስርዓት ኢዩ።*

*ስርዓት ኤርትራ ነዚ ተኸሲቱ ዘሎ ኣውንታዊ ተረኽቦ ተጠቒሙ፣ ጉዳይ ግጭት ዶብ ዘላቒ ሰላም ንኽረክብ ድልውነቱ ከርኢን፣ ኣብ ሃገርና ከኣ ውሽጣዊ ሰላም ንምርግጋጽ ሃገራዊ ዕርቂ ንክኻየድን፣ ናይ ርእይቶን ሕልናን እሱራት ክለቅቕን፣ ናብ ዲሞክራስያዊ ለውጢ ክንክይድ ዘኽእለና መንገዲ ንምሓዝ ዘተባብዕ ሃዋሁ ንምፍጣር ክጽዕትን፣ ብሒትዎ ንዘሎ ስልጣን ንህዝቢ ኣረኪቡ፣ ህዝብና ከኣ መሰል ወዲ ሰብ ዘኽብርን ሰላምን ሰናይ ዝምድናን ምስ ጎረባብትናን ዓለምን ኣብ ምፍጣር ልሉይ ኣስተዋጽኦ ክህልዎ ዝኽእል ሕጊ ዝነገሶ ስርዓት ንምቛም ድልየት ናይ ህዝብና ምዃኑ ኤሃባዲለ ጽኑዕ እምነት ኣለዎ።*

*ኣብ መደምደምታ፣ ንኩሎም ተቓለስቲ ፖለቲካዊውያን ሓይልታትን በርጌሳውያን ማሕበራትን ከምኡ'ውን ሰፊሕ ሓፋሽ ህዝብናን ቃልሶም ክብ ከብሉን ልዑል ዕላማታት ህዝቢ ኤርትራ ንምርግጋጽ ዓቕምታቶም ብሓባር ክጸምዱን፣ መሪሕነት ሃገራዊ ባይቶ ተሪር ምሕጽንታ የቕርብ።*

*ሓጅ ዓበደኑር ሓጅ*
*ኣቦ መንበር መሪሕነት ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ።*
09/06/2018